ኤርትራዊ ዲሞክራሲያዊ ኪዳን التحالف الديمقراطي الأرتري

ERITREAN DEMOCRATIC ALLIANCE

Our ref.No. ________________ Date ________________

Your ref.No. ________________

# ጋዜጣዊ መግለጺ ፈጻሚት ቤት ጽሕፈት
# ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን

ፈጻሚት ቤት ጽሕፈት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ካብ ዕለት 21-31/05/2008 ቀዳማይ ስሩዕ ኣኼብኣ ብዓወት ኣሰላሰለት። ኣብ ውሽጢ ፈጻሚት ቤት ጽሕፈት ብኣርባዕተ ሽማግለታት ዘቆመቶም ሽማግለታት ብማእከላይ መሪሕነት ድሕረ ምጽዳቁ ውሽጣዊ መምርሒታታን መጻኢ ናይ ስራሕ መደባታን ብዕምቆት ድሕሪ ምክታዕ ኣጽደቀት። ፈጻሚት ቤት ጽሕፈት ኣብዚ ኣኼብኣ እዚ ኪዳን ኣብ መጻኢ ዕማማቱ ናብ ዝሓሸ ደረጃ ናይ ቃልሲ ዘሰጋግሮም መደባትን ኣገደስቲ ተራ ዘለዎም ውሳኔታትን መምርሒታትን እውን ኣጽደቀት። ከምኡ እውን ፈጻሚት ቤት ጽሕፈት ብዛዕባ ምርግጋጽ ሃገራዊ ዋዕላ አመልኪታ ኣብ ዝተመያየጠትሉ ጊዜ ኪዳን ብዛዕባ እዚ ኣገዳሲ ዛዕባ እዚ ከመይነት ናይ ምርግጋጹ ጉዳይ ተነጺሩ ንምቅማጥ ዝሕግዝዎ መጽናዕታዊ መጋባኣያ (ወርክ ሾፕ) ኣብ ሓደ ቦታ ቅድሚ ምክያዱ ኣብ ዝተፈላለዩ ቦታታት (ከባቢታት) ዝርከቡ ዓቕምታት ኤርትራውያን ዝሳተፉዎ መጋበኣያታት (ወርክ ሾባት) ክትውድብን ርእይቶታት ክትጥርንፍን ኣብ መጻኢ ኣኼባ ፈጻሚት ቤት ጽሕፈት ክትቅርብን ንናይ ወጻኢ ጉዳያት ሽማግለ ሓላፍነት ሃበት። ፈጻሚት ቤት ጽሕፈት ኣብዚ ስሩዕ ኣኼባ እዚ ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ዘሎ ወድዕነትን ዲክታቶሪያዊ ስርዓት ህግደፍ ክጥቀመሉ ዝጸንሐን ዘሎን ኣዕናዊ ፖሊሲታትን ኣብ ውሽጥን ወጻእን ኣብ ዘሎ ህዝብና ዝገድፎ ኣሉታዊ ኣሰራትን ዝዕረየሉን ዝመሓየሸሉን መደብ እውን ሰረዐት።

ፈጻሚት ቤት ጽሕፈት ኣብዚ ቀዳማይ ስሩዕ ኣኼብኣ እዚ ነቲ ኣብ ሃገር ሱዳን ብመንግስቲ ሱዳን ኣብ ልዕሊ ቤት ጽሕፈት ኪዳንን ናይ ዝተፈላለዩ ውድባት ቤት ጽሕፈታትን ነጻ ዝኾና ማእከላትን ፖለቲካዊ ምንቅስቓስ ከይግበር ጠጠው ከብሎ ዘሕለፎ ሃንደበታዊ ውሳኔ ዘሕዝን ምኻኑ ተመልከተት።

ፈ/ቤ/ጽሕፈት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን መንግስቲ ሱዳን ኣብ ልኡላዊት ዝኾነት ሃገሩ ዝተፈላለዩ ውሳኔታታት ከሕልፍ ይኹን ስጉምቲ ክወሰድ ዘለዎ መሰል ከም እተኸበር ብቀዳምነት ተረጋግጽ። እዚ ውሳኔ እዚ ግን ብጊዘየን ኩነታትን ኣንጻር ክርኢ እንከሎ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ሓድነቱ ኣብ ዘረጋገጸሉ እዋንን፡ ስርዓት ህግደፍ ካብ ዞባውን ኣህጉራውን ሕብረተሰብ ተነጽሎ ኣብ ዘጋጥመሉ ዘሎን ጊዜን ብፍላይ ከኣ ካብ ህዝቢ ኤርትራ ብብዝሒ መንእሰያት ንሱዳን ኣብ ዝስደዱሉን ቀጥታዊ ጽልውኡ ኣብ ልዕሊ ሱዳን ኣብ ዝዕረፈሉ ዘሎን እዩ ተወሲዱ። እዚ ጥራሕ ዘይኮነ ስርዓት ህግደፍ ኣብ ልዕሊ ኤርትራውያን ስደተኛታት ብመንገዲ ኤምባሲታቱ ኣቢሉ ኣብ ወጻኢ ሃገራት ግብረ ሽበራዊ ስጉምትታት ኣብ ዝወስደሉን ዘሎ ጊዜ ንኩሉዚ ዝተጠቕሰን ካልእን ኣብ ግምት ብምውሳድ እዚ ውሳኔ እዚን እቲ ዝወሰደሉ ዘሎ ጊዜን ክንርኢ እንከሎና ዲክታቶሪያዊ ስርዓት ህግደፍ ሕጂ በጽሑዎ ዘሎ ናይ ምንቁልቋልን ብኡ ደረጃ ናይ ምውዳቅ ክስተት ንከይገጥሞ ድጋፍ እዩ ዝመስል።

መንግስቲ ሱዳን ይኹን ተቓወምቲ ሓይልታት ሱዳን ስርዓት ህግደፍ ኣብ ናይ ሰላምን ሕውነታዊ ጉርብትናን ዘይኮነ ዝኣምን ኣብ ምዝራግ ሰላም ናይ ጎረባብቲ ሃገራትን ህዝብታትን ብቆዋምን ዘይቅየርን ሒዙዎ ዝኸይድ ባህርየኡ ምኻኑ ኣጸቢቆም ይፈልጡ እዮም። ንሰላም ጉርብትናን ሕውነትን

ዝተገብረ እንተተገብረ ዘይቅየር ምኻኑ ፍሉጥ እዩ። በዚ መሰረት ስርዓት ህግደፍ ኣብ ውሽጢ ህዝቢ ኤርትራ ሰላምን ዕርቅን ከነግስ ዘይኽኣለ ኣብ ዞባና ሰላምን ምርግጋእን ከነግስ ኣይከእልን እዩ። ሕውነታዊ ዝምድናን ጉርብትናን ክህሉ ኢሉ ዝገብሮ እንተኾይኑ መንግስቲ ሱዳን ተስፋ ዘይብሉ ክረጋገጽ ዘይኽእል ትምኒት ምኻኑ ንግንዘብ። ከምኡ እውን ስርዓት ህግደፍ ቀይዲ በተኽን ብኣህጉራዊ ሕጊ ዘይቅየድን ስርዓት ምኻኑ ባዕሉ ዘረጋገጸ እዩ።

ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን መንግስቲ ሱዳን ዝወሰዶ ውሳኔ እንዳ ኣኽብርና ንመንግስቲ ሱዳንን ፖለቲካዊ ሰልፍታትን ሲቪካዊ ማሕበራትን ሱዳንን ክነመሓላልፎ እንደልዮ መልእኽቲ እንተሎ ስርዓት ህግደፍ ነዚ ውሳኔ እዚ ተጠቂሙ ንኤርትራውያን ኣብ ውሽጢ ከተማታት ሱዳንን መደበራት ስደተኛታትን ከይህድዶምን ከየፈራርሖምን ናቶም ኣወንታዊ ተራ ክጻወቱ ነማሕጽን። ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ኣብ መንጎ ህዝቢ ሱዳንን ህዝቢ ኤርትራን ዘይቅየርን ስትራተጂካዊ ዝምድና ከም ዘለዎ ይኣምን። ብኡኡ መንጽር ከኣ ኣብ መንጎ ክልቲኡ ህዝብታት ዘሎ ስትራተጂካዊ ዝምድና ከይባለሾን፡ ነቲ ኣብ ውሽጢ ኤርትራ እዚ ዲክታቶሪያዊ ስርዓት እዚ ኣብ ልዕሊ ህዝብና ዝወርዶ ዘሎ ግፍዕን ጭቆናን ምብስባስን፡ ኣብ ውሽጢ ሱዳን ሰጊሩ ንስደተኛ ህዝብና ከየበሳብስን ብፍላይ ከኣ ኣብ መደበራት ስደተኛታት ምብራቕ ሱዳን ዝርከቡ ንውሕሰነቶም ብዝምልከት ኩሎም ዘገድሶም ማሕበረ-ሰብ ዓለም ብኣትክሮ ክጥምትዎን ክኀየዩሉን ጻውዒትና ነቕርብ።

ፈጻሚት ቤት ጽሕፈት
ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን
31 ግንቦት 2008